# ኣብ መስርሕ ሓድነታዊ ዝምድናታትና ዘለዉና፡

# ጸገማትን ድኽመታትን ብቃልሲ እናፈታሕና ንመርሽ!

## ብኣድሓኖም ኣበዶም፡

ኣብ ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ፡ ኣብ ብግንባራት ዝተጠርነፉ ተቓወምቲ ሓይልታትና ካኣ ብፍላይ፡ ጸገማቶምን ድኽመታቶምን ካብ ዝግለጹሎም ነጥብታት ሓደ፡ ኣብ ሓድነታውን ምሕዝነታውን ግንባራት ኣብ ዝፈጥርዎም ዝምድናታት እዮም ዝንጸባረቑ። ምኽንያቱ ኣብዞም ሓድነታውን ልፍንታውን ግንባራት እዚኣቶም፡ ኣብ ኣጠቓቕመኦም ይኹን ፍሉይ ዕማማቶምን ኣገልግለቶምን ኣብ ዝምልከት፡ ተቓወምቲ ውድባትና ካብ ግጉያት ባህርያት፡ ተረድኦታትን ባህግታትን ሓራ ብዘይምዃን ስለ ዝነጥፉን፡ ኣብ ሕድሕዶም ስለ ዝወዳደሩን ብዙሓት ጌጋታት ስለ ዝፍጽሙን፡ ብኡ መጠን ጸገማት ከጋጥሞም ባህርያዊ ስለ ዝኾነ እዩ። ካብቶም ጸገማትን ድኽመታትን ዝኸሰትሎም ገለገለ ባህርያትን ነጥብታትን መፍታሒኦምን ንምጥቃስ ዝኣክል፣

1. <u>ምስ ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን ሕቶ ተተሓሒዞም ዝንጸባረቑ ጉድለታትን ጸገማትን፣</u>

ኣብ ዝምስረቱ ዝተፈላለዩ ግንባራት ናይ ሓይልታት መትከላዊ ግንዛበን ተግባራዊ ንጥፈታትን: ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፣ ቅንዕና፡ ሓላፍነትን ተጸዋርነትን ዝጐደሎ ብምዃኑ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ጐሊሆም ዝረኣዩ መባእታዊ ጸገማትን ድኽመታትን፡ እዞም ግንባራት እዚኣቶም ዝተፈላለየ ዕማምን ዘይተኻኻእ ኣስተዋጽኦ /ተራ/ን ዘለዎም ክነሶም፡ ብኡ መጠን ፈሊጥካ ኣብ ክንዲ ምቅላስ፡ ብኣንጻሩ ብምድውዋስ ምስራሕን ካብዞም ግንባራት /ምሕዝነታት/ እዚኣቶም ብስሉጥ ክትጥቀም ምድላይን ዝኣመሰሉ ዘይሓገዝቲ ናይ ፖለቲካ ስልጣን ህርፋን ተርእዮታት ስለ ዝዝውተሩ እዮም። ስለ ዝኾነ ናይ ሓድነትን ምሕዝነትን ግንባራት ዕማማት ብግዜ ኣንጻር ኣብ ሕድሕዱ ካብ ምትሕልላኽን ዘይኣሳላጥን ኮይኑ ክዳኸም ምግባር ሓሊፉ፡ ተዛመድቲ ሓይልታት ኣብ እስትራተጂካዊ ይኹን ስልታዊ ግንባራት ዝዋስኡ ናይ ዝለዓለ /እስትራተጂካዊ/ ይኹን ዝተሓተ /ስልታዊ/ ዕማማቶም ምስልሳል እናተጸገሙ፡ ኣብ ሕድሕዶም ስኒትን ምትእምማንን እናሰኣኑ፡ ትርጉም ዘለዎ ናይ ቃልሲ ዕማም ክዓሙ ከይበቕዑ ሃላኺ፡ ጸገማትን ድኽመታትን ዝበዝሖ ፖለቲካዊ ሂወት ክሕልፉ እናተገደዱ እዮም ጸኒሖምን ዝቕጽሉ ዘለዉን።

እዚ ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ኣቀላልሳ ህያው ብምኻኑ እዩ ድማ ተመሳሳሊ ባህርን ሓደ ፖለቲካዊ ዕላማ /እምነት/ን ናይ ምትግባር ቅሩብነትን ዘለዎም ሓይልታት፡ ኣብ ክንዲ ፍልጠቶም፡ ዓቕሞምን ትሕዝተኦምን ኣወሃሂዶም ናብ ሓደን ዝሰመረን ውድብ ብምብጻሕ፡ ንውጹዓት ሓፋሽ ህዝብታትና ከቃልሱ ዝበቕዑ፡ ብኣንጻሩ መሰረታዊ ናይ እምነትን ዕላማን ሓድነት ዘይብሎም ሓይልታት መሰረትን ውሕስነትን ዘይብሉ ሓድነትን ምትሕንፋጽን ንምግባር እናፈተኑ ክቀራረቡን ክፈላለዩን /ክፈናጨሉን/ ሓደ እናኾነ፡ ናብ ዝደኸመን ዝተበታተነን ኩነታት ተሳጢሖም፡ ናይ ህዝብታትና ናይ ቃልሲ ሞራል ክትንክፍን ክህሰን ጸኒሑን ዝቕጽል ዘሎን። ናይዚ ዝረኤ ዘሎ መሰረታዊ ጉድለት /ጠንቂ/ ድማ፡ ዝተፈላለያ ውድባት ካብቲ ዝግበር ዝምድናታት ንስለ ክጥቀሙን ብኡ ክዓብዩን ብምሕሳን ሓላፍነት ዝጐደሎ ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን ህርፋን ዝደፍኦ ዝመበገሲኡ ሽግር ህልውን ቀጻልን ብምዃኑ እዩ። እዚ ሽግር እዚ ድማ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን፡ ዘይጭበጥ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምጭባጥ ይድለ ስለ ዘሎ ዝኸሰት ዘሎ ዓንቃፊ ተርእዮ እዩ።

ኩሉ ዝካየድ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዕላምኡን መዕረፊኡን ፖለቲካዊ ስልጣን ንምርግጋጽ እኳ እንተኾነ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምጭባጥ ክካኣል ግን ብቕድመ-ኩነት ክስራሕ ዘለዎረቓሒ ብምምላእ ጥራሕ እዩ ዝረጋገጽ። ስለ

ዝኾነ እዚ እነካይዶ ዘለና ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቃልሲ፡ ናይ ህዝቢ ፖለቲካዊ ስልጣን ንከይጭበጥ ዓጊቱ ብምሓዝ ብዝተፈላለየ መልክዕ ጭቆናን ኣድልዎን በደላትን ዝፍጽም ዘሎ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ስልጣን ክሳብ ዝሃለወ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ህዝቢ ይኹን ናይ ፖ/ዊ ውድባትን ሰልፍታትን ክረጋገጸሉ ዝካኣል ወቕቲ ኣይኮነን ዘሎ። ብኣንጻሩ ተቓወምቲ ሓይልታት ናይ ቃልሲ መሳርሒ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ስሙር ግንባራት መስሪትናን ኣጠናኺርናን ተወሃሂድና ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ /ህግደፍ/ እንቃለሰሉ ወቕቲ ኢና ዘለና።

እዚ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ፡ ኣብቶም ብግንባራት ደረጃ ዝተጠርነፉ ተቐወምቲ ውድባት ድማ ብፍላይ፡ ናይ ስልጣን ህርፋን ዝፈጠሮ ዝረአ ዘሎ ፖለቲካዊ ድኽመታትን ጸገማትን ግን ከምቲ “ቅድሚ ምራኽስ መስከብ /ሸለት” ዝባሃል ምስላ ኣቦው፡ ስጊንጢር ዝኾነ ኣተሓሳሰባን ድሌት ናይ ስልጣንን ናብ ቅድሚት ብምምጻእ፡ ብቃልሲ ክውገድ ዝግበኦ ሓባራዊ ጸላኢ /ህግደፍ/ ኣብ ስልጣን እናሃለወ፡ ኣብ ክንዲ ንዕኡ ቀዳምነት ብምሃብ ሓይልና ኣወሃሂድናን ኣዋዲድናን ንምውጋዱ ተኣማሚናን ተደጋጊፍናን እንቃለስ፡ ብኣንጻሩ ኣብ ሕድሕድና እናተጓጠናን እናተነጻጸግናን፡ መጻኢ ፖለቲካዊ  ስልጣን ናይ መራሕቲ ውድባት ካብ ሎሚ ክነረጋግጽ ምጽዓር፡ ንተቓላሳይ ህዝብናን ተቓዋሚ ሓይልናን ዘዳኽም ዘሎ፡ ግጉይ ዝኾነ ተርእዮ እዩ እቲ ሓደን ዝዓበየን ድኽመትን ጸገምን ናይ ቃልስና ኮይኑ ዘሳቕየና ዘሎ ፖለቲካዊ መንድዓት ናይ ህዝባዊ ቃልስና እዩ። ህዝባዊ ቃልስና ዝሓቶ ዘሎ ፖለቲካዊ ስልጣን፡ ንደመኛ ጸላኢና ጉጅለ ህግደፍ ከም ስርዓት ብቃልሲ ካብ ስልጣን መሊኡ ክውገድ ብምግባር፡ ህዝብታትናን ሃገርናን ካብ ውድቀትን ምብትታንን ብምድሓን፡ ዝምርሕሉ ሕገ-መንግስቲ /ቅዋም/ መስረት ዝገበረ ብሕጋውን ፖለቲካውን ድሌት፡ ምርጫን ውሳነን ናይ መላእ ህዝብታትና ዝረጋገጽ ፖለቲካዊ ስርዓትን ስልጣንን'ምበር ናይ ውልቀ-ሰባት ወይ ጉጅለታት ፖለቲካዊ ስልጣን ንምርግጋጽን ንምርዋይን ኣይኮነን።

ኣብ ዘለናዮ ግዜ ንምርግጋጹ እንተተፈተነ ካኣ ዘይቅኑዕን ዘይድገፍን ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ህልዊ ጸላኢ ብቃልሲ ከየወገድናን ንፖለቲካዊ ስልጣን ዘገልግል ጥጡሕ ፖለቲካዊ ባይታ ከይፈጠርናን ክረጋገጽ ዝኽእል ፖ/ዊ ስልጣን የለን። እንተተፈተነ'ውን /ልክዕ ከምቲ ሕጂ ብጸበብትን ናይ ስልጣን ህሩፋትን ዝፍተን ዘሎ/ ውጽኢት ኣልባ /ኮንቱ/ ኮይኑ እዩ ዝተርፍ። እዚ ካኣ ንህዝባዊ ቃልስና ኣብ ቅድሚት ኮይኑ እናተቓለሰ ዝጭበጥ ፖለቲካዊ ተራ ክጻወት ዝግበኦ ተቓዋሚ ሓይልታትና ሓይሉ ክዳኸም ዝገብር፣ንኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ድማ ዘይግብኦ ኩሉ-መዳያዊ ዕድል ዝህብን ሕሰም ህዝብታትና ዘኽብድን ዘጋድድን እዩ ዝኸውን። ጭቡጥ ኣብነት ናይዚ ተርእዮ'ዚ ክኾነና ዝኽእል ድማ፡ ኣብዚ ወቕቲ'ዚ ተቓወምቲ ሓይልታትና ዘሕልፍዎ ዘለዉ ጽጉም ኩነታትን ዘሰክፍ ኣተሃላልዋን ብጽሞናን ብሓላፍነትን ምስ እንግምግሞ እኹል ኣብነትን መረጋገጽን እዩ።

እዚ ዘይሓላፍነታውን ስጊንጢርን ዝኾነ ዘይእዋናዊ ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን ሕልሚ ንምርግጋጽ ክበሃል ኣብ ህዝባዊ ቃልስና ዕንቅፋት ዝፈጥር ዘሎ ተርእዮ'ዚ፡ ብከመይ እዩ ክውገድ /ክፍወስ/ ዝኽእል ዝብል ሕቶ ኩሉ ግዜ ዝለዓልን ንምፍትሑ ዝጽዕሩ ተቓለስቲ ወገናት ዝጸንሑን ዘለዉን እኳ እንተኾኑ፡ ውጽኢቱ ግን ብከምቲ ዝድለ ኣድማዒ ኮይኑ ዝጭበጥ ፍረ ከምጽእ ዝኸኣለ ከም ዘይኮነ ዘካትዕ ኣይመስለንን። እቲ ዝግበር ዘሎ ናይ ቃልሲ ጻዕርታት ክዕወት ዘየኽእሎ ዘሎ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ጉድለት ድማ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ክረጋገጽ /ክጭበጥ/ ዝኽእል ፖለቲካዊ ስልጣን ከይረጋገጽ ዓጊቶም ዝሓዙ ጸላእቲ ብቃልሲ ብምስዓር ምዃኑ ዘረድእ ኣብ ተቓለስቲ ሓፋሽ ህዝብታትናን ተቓለስቲ ውድባትናን /መሰረታቶምን/ እኹል ዝኾነ ፖለቲካዊ ኣገንዝቦ ብዘይምህላዉን ዘይምርግጋጹን እዩ እቲ መሰረታዊ ጸገም።

ብካልእ ኣገላልጻ ኣብ ሰውራና ካብ ቅድም ጀሚሩ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን “ብከመይን መዓስን፡ ብወሳንነት መንን ንጠቕሚ መንን ይረጋገጽ” ዝብል ፖለቲካዊ ኣስተምህሮን ኩስኮሳን ብዕትበትን ቀጻልነት ብዘለዎ ኣገባብን ስለ ዘይዋሃብ፡ እቲ ዝርካቡ ዝወሃብ ትምህርቲ’ውን እንተኾነ ሓፈሻውነት ዝዓብለሎን ብሕዝ-ግድፍ ዝስራሓሉ ስለ ዝነበረን ዘሎን እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ኣብዚ ግዜ’ዚ ኣብ መስርዕ ህዝባዊ ቃልስና ሓደ ውድብ፡ ፓርቲ ስቪክ-ማሕበር ክምስረት/ቱ/ እንከለዉ ከዐውትዎ ዝደልዩ ዕላማታት ተመሳሳልን ሓደ ናይቲ ካልእ ቅዳሕ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ እቲ ዘልዕልዎ ማእከላይ ሕቶ ኣብ ክንዲ ዕላመኦም ንምፍላጥን፡ ብከመይን ምስ መንን ብምዃን /ብምምሕዛው/ ይቃለሱን ከነዐውቶ ኢና ንዝብልዎ ዕላማታት ብንጹር ዝገልጹ፡ ብኣንጻሩ ትሑት ግምት ብምሃብ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ነገራት ብምትኳር ወፍሪ እናካየዱ፡ ብኣንጻሩ ዘይጭበጥ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምርካብ ቀዳምነት ሂቦም ክረባረቡ ይኾኑ ስለ ዘለዉ፡ ነቲ ግጉይ ናይ ፖ/ዊ ስልጣን ህርፋን ክእርምን ከወግድን ዝኽእል እሩምን ቀጻልነት ዘለዎን ፖለቲካዊ ስራሕ ስለ ዝበኾረ እዩ።

ስለዚ እዚ ዘይእዋናዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምርግጋጽ ክበሃል ዝረኤ ዘሎ ንደምበ ተቓውሞና ዘዳኽምን ዘጸግምን ተርእዮ እዝን ካለኦት ተመሳሰልቲ ጸገማትን ከይተወገዱ፡ ህዝባዊ ቃልስና ኣድማዒ ቃልሲ እናኣካየደ ናብ ዛዛሚ ዓወት ክበጽሕን፡ ሓቀኛን ዝጭበጥን ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ህዝቢ ክምስረትን ስለ ዘይካኣል፡ ነዚ ፖለቲካዊ መንድዓት ቃልሲ ዝኾነ ተርእዮ’ዚ ንምውጋድ ቀዳምነት ሂብና ክንቃለስ ግድን እዩ ዝኸውን ዘሎ።

እዚ ካኣ ሓፋሽ ተቓለስቲ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ናይ ተቓወምቲ ሓይልታትና ሓደን ቀንድን ድኽመት /ጸገም/ ዘይእዋናውን ዘይጭበጥን ፖለቲካዊ ስልጣን ንምጭባጥ ክበሃል ዝረኤ ዘሎ ዘይሓጋዝን ዘይሓላፍነታውን ንጥፈታት፡ ናይ ውሑዳት ዘይኮኑ መራሕቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ገለ መራሕቲ ስቪክ-ማሕበራትን ጉድለት ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ተቓወምቲ ሓይልታትና ንቀዳማይ ሓባራዊ ጸላኢ /ህግደፍ/ ናይ ምውጋድ ዕማም ተወሃሂዶም ቀዳምነት ሂቦም ክቃለሱ ዝድርኽ ኣወንታውን ሓጋዝን ተጽዕኖኦም እናንበሩ ክቃለሱ ምስ ዝበቕዑ እዩ። ብፍላይ ድማ ኣባላት /መሰረታት/ ናይ ዝተፈላለያ ተቓወምቲ ውድባትን ስቪክ-ማሕበራትን ዝኾኑ ተቓለስቲ ወገናት፡ ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ካኣ እቶም ኣብ ዝተፈላልያ ግንባራት ዝተጠራነፉ ሓይልታትና፡ ዘርእይዎ ዘለዉ ዘይእዋናውን ዘይጭበጥን ናይ ፖ/ዊ ስልጣን ጽምኣት ናይ ምርዋይ ሕልሚ፣ ኣብ ቃልስና ዝፈጥሮ ዘሎ ጸገማትን ዕንቅፋታትን እቲ ዝዓበየን ቀንድን ዕንቅፋት ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ካብ ውልቀ ውድቦም ብምጅማር፡ ውሽጣዊ ኣራሚ ቃልሲ እናካየዱ ምስ ከምኣቶም ዝኣመሰሉ ውጹዓት ተቓለስቲ ወገናት፡ ኣብ ሓፈሻዊ እዋናዊ ዕማማት ቃልሲ ተወሃሂዶምን ተደጋጊፎምን ክቃለሱን፡ ደምበ-ተቓውሞና ካብ ባዕላዊ ድኽመታቱን ጸገማቱን ተናጊፉ ተጠናኺሩ ክቃለስ ኣብ ምብቃዕ ጭቡጥ ተሳትፎን፡ ብሱል ናይ ቃልሲ ተራን ከበርክቱን ክድርኹን ምስ ዝበቕዑ ጥራሕ እዩ።

ካብዚ ሓሊፉ ብናይ ውድብካ ፍቕርን ስምዒትን ጥራሕ እናተመራሕካ፡ ነቲ ዝረኤ ዘሎ ጉድለታትን ጸገማትን ካብ ነብስኻን ውድብካን መሪሕነትካን ከም ዘይብገስን ዘየሎን ከም ዘይምልከትን ጌርካ ብምርኣይ፡ ብኣንጻሩ እቲ ዝረኤን ዘጸግመናን ዘሎ ጸገማትን ድኽመታትን፡ ከም ካብ ካለኦት ወድባትን ማሕበራትን መራሕተንን ጥራሕ ዝብገስን ንሳቶም ዝሕተትሉን ገቢርካ ብምርኣይ፡ ኣብቲ ፖለቲካዊ ወፍሪ /ቃልሲ/ ምፍታሕ ናይቲ ጸገማትን ድኽመታትን ዘይምስታፍን ንካለኦት ምስካምን እንተዳኣ ተመሪጹ ግን፡ ናይ ቃልስና ድኽመታትን ጸገማትን ናይ ዝተወሰኑ ኣካላትን ንሳቶም እንተተኣሪሞም ድማ ፍታሕ ዝረክብ ጸገም ተገይሩ እንተተወሲዱ መፍትሒ ዝረክብ ኣይከውንን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ህዝባዊ ቃልስና ዝረኣዩ ድኽመታትን ጸገማትን ንኩላህና ውጹዓት ተቓለስቲ ብማዕረ ዝብጹሑናን ዝምልከቱናን ክኾኑ ዘይክእሉ እኳ እንተኾኑ፡ ካብ ድኽመታት ፍጹም ነጻ ክንከውን ስለ ዘይንኽእል፡ እቶም ጸገማት ንቃልስና ክሳብ ዝሓለኹን ዘደናጉዩን፡ ንተቓወምቲ ውድባትና ድማ ዘዳኸሙን፡ ኣብቲ ንምፍተሖምን ንምውጋዶምን ዝካየድ ዝግበኦ ቃልሲ፡ ናይ ኩላትና ተቓለስቲ ሓይልታት ተሳትፎን ኣበርክቶን ክህሉ ግድን እዩ ዝኸውን።

2. <u>ኣብ ጉዳይ ሓድነት ዝረኣዩ ግጉያት ኣካይዳታት፣</u>

ኣብ ደምበ ተቓውሞና ኣብ ጉዳይ ሓድነት ዝራኣዩ ጸገማት ብወሳኒ መልክዖም፡ ካብ ሕማቕ ባህረን ሕሉፍ ውልቃዊ ወይ ጉጅላዊ ጠቕሚ ንምርግጋጽ ምድላይን ዝፈጥርዎም ጸገማት እዮም ዝብገሱ እንተትባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ከመትይሲ፡ ኣብ ዝሓለፈን ህልውን ቃልስና ዝተራእዩ ሓድነት ናይ ምግባር ተበግሶታት መብዛሕቲኦም ካብ ዘይምዕዋት ሓሊፎም፡ እንደገና መረሓሓቕን መቀራሓንን እናኾኑ ስለ ዝመጹን ይቕጽሉ ስለ ዘለዉን። እዞም ናይ ሓድነት ተበግሶታትን ፈተነታትን እዚኦም ስለምንታይ እዮም መብዛሕቲኦም ክዕወቱ ዘይክእሉን ዘለዉን? ዝብል ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ነጥቢ ክንድህስስ እንከለና፡ ኣነ ብወገነይ ከም ውልቀ ሰብ ክርእዮ ከለኹ፡ ሓድነት ኣብ ትርጉሙን ኣድላይነቱን ዝምልከት ብባህግን ድሌትን ኣንጻር ክረኤ ከሎ፡ ንሓድነት ዘይደልዩን ዘይብህጉን ተቓለስቲ ህዝብታትን ውድባትን ኣለዉ ክብል ኣይክእንልን እየ።

እቲ ጉዳይ ግን ናይ ምድላይ፡ ምብሃግን ምድጋፍን ሕቶ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ሓድነት ናይ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ክውን ንክኸውን እንታይን እንታይን ከም ቅድመ-ኩነት ክማልኡ ኣለዎም፣ ብከመይ ኣገባብን ሜላ ናይ ቃልስንከ ክረጋገጽ ይኽእል? ዝብሉ ኣገደስቲ ነጥብታት ብግቡእ ክንርኢ እንከለና፡ እቲ ሓድነት ክሳልጥ ዘኽእልን ዘየኽእልን ምኽንያታት ክፍለጥን ክንጸርን ዝካኣል እዩ። እዞም ሓድነት ክረጋገጸሎም ዝኽእል ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ነጥብታት ብንጹር ክይፈለጥካን ግንዛበ ከይሓዝካን፡ ካብ ዝተፈላለየ ባዕላዊ ምኽንያታት ንጽህናን ባህግን ወይ ግጉይ ተረደኦን እናተበገስካ ንምስማር /ሓደ ንምኻን/ ምፍታን እንተዳኣ ቀዳምነትን ብሕታዊ ቦታን ብምሃብ ምንጣፍ እንተተመሪጹ ግን፡ ሓድነት ምርግጋጽን ናብ ሓደን ዝሰመረን ሓይሊ ክብጻሕስ ይትረፍ፡ ምትእምማን ዝሰፈኖ ምሕዝነት ክረጋገጽን ብግቡእ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕልን’ውን ዝካኣል ኣይኮነን።

ምኽንያቱ ሓድነት ክረጋግጽ ዝኽእል፡ እቶም ናብ ሓድነት /ስምረት/ ዝኣትዉ ሓይልታት፡ ተመሳሳሊ ባህርን እምነት /ዕላማ/ን፡ ነዞም ዕላማታት እዚኣቶም ከተግብር ዝኽእል ቅሩብነት ዘለዎምን ዝውንኑን ክኾኑ ኣለዎም።ስለምንታይሲ፡ ሓድነት ናይ እምነት/ሓሳብ/ን ተድግባርን ውህደት ስለ ዝኾነ። ስለ ዝኾነ’በኣር ናብ ሓድነት ክብጻሕን ሓደን ዝሰመረን ውድብ ወይ ሰልፊ ክውደብ ዝካኣልን፡ እዞም ዝጥቀሱ ዘለዉ መሰረታውያን ረቛሒታት ብምምላእ መሰረት ተገይሩ ብዝግበር ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ጥራሕን ጥራሕን እዩ ክረጋገጽ /ክዕወት ዝኽእል እንተተባለ ሓቂ እዩ ዝኸውን።

ካብዚ ሓሊፉ ተመሳሳሊ ባህሪ ከተዓደልካን ተመሳሳሊ እምነትን ዕላማን ከወነንካን እምነታትካ ናይ ምትግባር ተመሳሳሊ ቅሩብነትን ከየረጋገጽካን “ሓድነት ክንገብር ኣለና” ኢልካ ብንጽህናን ባህግን ወይ ብስም ሓድነት ንውልቀ ውድብካ /ጉጅለኻ ዘርብሕ ጉዳይ ንምርካብ ተባሂሉ ሓድነት ንምርግጋጽ ምፍታን እንተዳኣ ሃልዩ ግን ውጽኢቱ፡ ምልሕሓጽን ሓይልኻ ምድኻምን ዝኣመሰሉ ክሳራታት ምስካም እንተዘይኮይኑ ክዕወት ዝካኣል ኣይኮነን። ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ስነ-ሞንት መረጋገጺ ክኾነና ዝኽእል ምስ ዘድሊ ካኣ፡ ሰውራና ዘሕለፎን ዘሕልፎ ዘሎን ናይ ሓድነት ተሞክሮታት ብጽሞናን ሓላፍነትን ምስ እንግምግሞም እኹላት ኣብነታት እዮም።

እዞም ዝፈሸሉን ዝፈሸሉ ዘለዉን ተሞክሮታት ናይ ሓድነት እዚኣቶም፡ ክኽሰቱ ዝኽኣሉን ዝኽሰቱ ዘለዉን ምኽንያታት ብዙሓት ክኾኑ ዝኽእሉ እኳ እንተኾኑ፡ ገለ ካብኣቶም ጠንቅታት እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ምጥቃስ ይካኣል እዩ፣

ሀ.ገለ ብግርህና ንስለ ክትበዝሕን ስሙር ሓይሊ ከትውንን ካብ ምድላይ ናብ ሓድነት ምብጋስ፣ ናይ ሓድነትን ምሕዝነትን ባህርያት፡ መትካላትን ዕማማትን ሕግታቶምን ብግቡእ ካብ ዘይምፍላጥ፣ ከምኡ’ውን ናይቶም ናብ ሓድነት ዘምርሑ ሓይልታት ሓቀኛ ብህሪ፡ ዕላማን ድሌትን ብልክዕ ካብ ዘይምፍላጥ ዝብገስ፣

ለ.ናብ ሓድነት ከብጽሑ ዝኽእሉ ፖለቲካዊ ረቛሒታት ማለት፡ ተመሳሳሊ ባህርን ዕላማን ናይ ምትግባር ቅሩቡነታትን ከየማላእካ፡ እናፈለጥካ፡ ብስም "ሓድነት ሓይሊ እዩ" ዝብል ተፈታውን ተባሃግን ጭርሖ ብምሕንጋጥ፡ ናይ ህዝቢ ስምዒትን ቀልብን ንምስሓብን ኣብቲ ዝግበር ናይ ሓድነት መኣዲ እንተተኻኢሉ ልዕልነትካ ብምርግጋጽ ንካለኦት መላፍንትኻ ዓብሊልካ ንምቕጻል፡ ኣይተኻእለን ካኣ ገለ ሰብኣዊ ጉልበት /ሓይሊ/ን ማተርያላዊ ትሕዝቶን መንዚዕካ ዝሓዝካ ሒዝካ ውድብካ ኣጠንኺርካ ንምውጻእ ዝዓለመ ፖለቲካዊ ውጥንን ባህግን ብምሓዝ ናብ ስማዊ /ዘይልባዊ/ ሓድነት ዝኣትዉ ሓይልታት ንስ ዝህልዉ /ብምህላዎም፣

ሓ.ገለ ውድባት /ሰልፍታት ካብ ዘጋጥሞም መድረኻዊ ናይ ቃልሲ ብደሆታት ንምድሓን ክብሉ /ዋላ ንግዚኡ'ውን ይኹን/ በለጻዊ መንገዲ ብምኽታል፡ ክሳብ መሰረታዊ /እስትራተጂካዊ/ እምነቶም ብምውዳቕ ወይ ብምውንዛፍ፡ ናብቲ ናይ ሓድነት መስርሕ ምስ ዝጽንበሩን ዝነጥፉን ወዘተ እዚኣቶምን ካለኦትን ምስ ዝህልዉ፡ ጉዕዞ ሓድነት ከይረጋገጽን ቀጻልነት ንከይህልዎን ዝገብሩ ረቛሒታት እዮም። ስለ ዝኾነ ሓድነት ክሰናኸልን ክፈሽልን ግድን እዩ ዝኸውን። ከመይሲ ሓድነት ክረጋገጽን ክቕጽልን ዘኽእሉ ከም መሰረት ኮይኖም እቶም ልዕል ክብል ዝተጠቕሱ ረቛሕታት ዘይውንኑ ሓይልታት ካብ ዝተፈላለዩ ድሌታትንን ፖለቲካዊ ሒሳባትን እናተበሱ ናይ ሓድነት ባህርያትን ሕጊታትን መምርሒታትን ከይተኸተሉ፡ እንተስ ብግርህና ወይ ብጉርሒ መእሰርን መሰማምዕን ብዘይብሉ ኩነታትን ኣንፈትን ስለዝዋስኡ።

እዚ ኣብ ደምበ-ተቓውሞና ናይ ዝርኤ ዘሎ ድኽመታትን ጸገማትን ዝሕብር ሓፈሻዊ መግለጺ ኮይኑ፡ ኣብ ክሊ'ዚ ተርእዮ'ዚ ናብ ሓድነት ከብጽሑ ዝኽእሉ ረቛሒታት ዘማልኡ ዝተወሰኑ ተቓወምቲ ሓይልታት ሓድነት ብምግባር ናብ ሓደን ዝሰመረን ውድብ /ሰልፊ ብምስግጋር ኣብ ቃልሲ ዝቕጽሉን ዝዋስኡን ከም ዘለውና ዝርሳዕ ኣይኮነን። እዚ ተሞክሮዚ ዘረጋግጸልና ጉዳይ እንተሃለወ ድማ፡ ሓድነት ካብ ድሌትን ባህግን ናይ ዝተፈላዩ ኣካላት ፍሉይ ጠቕሚ ንምርግጋጽ ዕላማ መበገሲ ብምግባር ክረጋገጽ ከም ዘይክእል እዩ። ኣብ ህልዊ መስርሕ ቃልስና ኣብ ዙርያ ሓድነት ናብ ሓደን ዝተሓናፈጸን ስሙር ሓይሊ ንከይብጻሕ ዘዐንቅፍ ዘሎ ፖለቲካዊ ምኽንያታት'በኣር፡ ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝጥቀስ ዘሎ፡ ተመሳሳሊ ባህሪ፡ ዕላማታትን ናይ ምትግባር ሓባራዊ ቅሩብነትን ከይተማለአን ከይተጠርየን ከሎ "ብሃቦ-ተረከቦ" ሓድነት ንምርግጋጽ ስለ ዝፍተን እዩ እቲ ሓደን መሰረታውን ጸገም።

እዚ ጸገማት እዚ ዝግለጸሉ ኣገባባት ድማ፡ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ጠቕሞም ንምርግጋጽን ንዘጋጥሞም ጸገማት ንምስጋርን ክብሉ፡ ሓደን ተመሳሳልን ዕላማ ዘብሎም ክነሶም፡ ነቲ ብሓድነትን ምሕዝነትን ከቃልሶም ዝኽእል ዝለዓለ /እስትራተጂካዊ/ን ዝተሓተ /ስልታዊ/ ዕላማን መራኸቢ ነጥብታት ብምድውዋስ፣

"ተመሳሳሊ ዕላማ ስለ ዘለና ናብ ሓድነት ክንበጽሕ ንኽእል ኢና፡ ስለዚ ሓድነት ንግበር" ብዝብል፣"በዓል እከለን እከለን ውድባት ሓድነት ክገብሩ ይተኣኻኸቡ ኣለዉ ክዕብሉልና /ክሰግሩና እዮም፡ ስለዚ ንሕና'ውን ሓድነት ንግበር" ብዝብል፣ ገለ ድማ "ዋላ እኳ ኣብ ዝተወሰኑ ዕላማታት ፍልልይ እንተሃለውና፡ ሓድነት ምስ ገበርና ኣብ መስርሕ ፍልልያትና ክሓቁ ስለ ዝኽእሉ ጸገም የብሉን፡ ፍልልያትና ፈቲሕና /ኣወጊድና/ ሓደ ኮይና ክንቅጽል እንተዘይክኢልና ድማ፡ ናይ ሓባር ጸላኢ ምስ ኣወገድና አኣባላትና ሒዝና ነናይ ገዛእ ርእስና ውድብ /ሰልፊ ወዲብና ነቲ ናይ ውልቅና ናይ ርሑቕ ፍሉይ ዕላማታትና ንምዕዋት ክንቅጽል ስለ እንኽእል ጸገም የብሉን ብምባልን፣ ኣብ ገለ ወቕቲ ድማ ገለገለ ውድባት፡ "ንዘለውና እስትራተጂካዊ ፖለቲካዊ ፍልልያት ንግዚኡ ኣወንዚፍና /ኣደስኪልና/ ኣብቲ ዘራኽበና ዝተሓተ ነጥበ-ስምምዕ ጥራሕ ተመስሪትና ሓድነት ገቢርና ክንቃለ ስለ ኣንኽእል በዚ ኣግባብ'ዚ ሓደ ንኹን" ዝብሉን ካለኦትን ወዘተ ኣዝዮም ግጉያት ሓሳባትን

ድሌታትን ብምሓዝ፡ ብምስሉይን ኣደናጋርን ኣገባብ ናይ ሓድነት ምግባር ፈተነታት ከም ልሙዳት ስለ ዝውሰዱ እዮም።

እዞም ግጉያት ፈተነታት እዚኣቶም ድማ፡ ንጥምረት፡ ምትእምማንን ምውህሃድን ሓይልታት ደምበ-ተቓውሞና ክዳኽም ዝገብር ኣሉታዊ ተሞክሮ ከነሕልፍ ዘገድደና ዘሎ ፖለቲካዊ ሽግር እዩ። ስለ ዝኾነ እዚ ቀያዲ ኩነታት'ዚ ክሳብ ንትርጉምን ኣድላይነትን ናይ ሓድነት ዘህስስ ተደጋጋሚ ጉድለት እናተፈጸመ፡ ውጽዓት ተቓለስቲ ህዝብታትናን ኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን፡ ደድሕሪ በብእዋኑ ዝፍተኑን ትርጉም ዘለዎ ስራሕ ከይተሰርሓሎም እናሻዕ ዝፈሸሉን ፈተነታት ናይ ሓድነታት እናተዳዕዙ፡ ናብ ዓወት ከብጽሓም ዝኽእል ብብቕዓት ከቃልስ ዝኽእል ውድብ እናሳኣኑ ኣብ ኣዝዩ ዘገምታዊ ጉዕዞ ናይ ቃልሲ ኮይኖም ክነጥፉ ኣብ ምግዳድ ዝርከቡ ዘለዉ እዮም።

ከም ውጹዓት ተቓለስቲ መጠን፡ ካብዚ ብስም ምግባር ሓድነት ዘጋጥም ዘሎ መሰናኽላትን ጸገማትን እዚታት፡ ብከመይ እንተተቓለስና ኢና ክንናገፍ እንኽእል? ዝብል ኣገዳሲ ሕቶ ኣልዒልና ክንርኢ ኣድላዪ እዩ ዝኸውን። እዚ ካኣ መጀመርያ ሓድነት ብምግባርን ተመሓዚኻ ምቅላስን ኣብ መልከዖምን ተመሳሳልነቶምን እንተዘይ ኮይኖም ኣብ ዓይነቶምን ደረጃ ኣገልግሎቶምን ዘላቕነቶምን ሓደ ከም ዘይኮኑ ብንጹር ክንርዳእን ኣገንዝቦ ክንሕዝን እዩ ዝህልወና። ካላኣይ ኣብ ብህርን ዕላማን ናይ ኩሎም ፖለቲካዊ ውድባት ሓደ ዘይምኻኑ፡ ስለ ዝኾነ ድማ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ኣብ መጻኢ ሓደ ዓይነት ስርዓትን መንግስትን ክምስርቱ ከም ዘይክእሉ ኣነጺርና ምፍላጥ'ውን ሓጋዚ እዩ።

ተቓወምቲ ውድባት ብሓፈሻ መሰረታዊ ዘራኽቦም እስትራተጂካዊ ዕላማታት ዘለዎም ይኹኑ ዘይብሎም፡ ኣብ ውሱን ነጥብታት ብምስምማዕ ብዝተሓተ ደረጃ ምሕዝነት ፈጢሮም ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ /መንግስቲ ህግደፍ/ ተወሃሂዶምን ተደጋጊፎምን ብሓባር ክቃለሱ ከም ዝኽእሉ፣ ካብዚ ሓሊፎም ተመሳሳሊ እስትራተጂካዊ ዕላማታት ክሳብ ዘይሃለዎም ሓድነት ክገብሩን ናብ ሓደን ዝተሓናፈጸን ሓይሊ /ውድብ ክመጹ ከም ዘይክእሉን ምግንዛብ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ካብዞም ሓገዝቲ ግንዛቤታት እዚኦም ብምብጋስ ድማ፡ ነቶም ሓደን ተመሳሳልን ዕላማታት ሃልይዎም ናብ ሓደን ዝሰመረን ውድብ ንምብጻሕ እስትራተጂካዊ ግንባር ብምፍጣር ክቃለሱ ዝኽእሉ ውድባት ይኹኑ፡ ብኣንጻሩ ሓደን ተመሳሳልን /እስትራተጂካዊ/ ዕላማታት ዘይብሎም ግን ካኣ፡ ኣብ ዝተወሰኑ ነጥበታት ብምስምማዕ ዝተሓተ /ስልታዊ ግንባር/ ብምምስራት ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ /ህግደፍ/ ክቃለሱ ቅሩባት ዝኾኑን ዝቃለሱን ውድባትን ብሓፈሻ ክንድግፎምን ኣብ እንኣምነሉ ዕላማን ውድብን ብነጻነት ተወዲብናን ክንቃለስ እዩ ዝህልወና።

ናብ ሓድነት ከብጽሖም ዝኽእል ባህሪ፡ ዕላማን ቅሩብነት ናይ ምትግባር ቅሩብነትን ዘይብሎም፡ ካብ ዝተፈላለዩ ምስምሳት እናተበገሱ ዘይዕወት ሓድነት ንምግባር ንዝፍትኑ ውድባት ድማ፡ ይጋገዩ ከም ዘለዉ ብግልጺ ክንነግሮምን፡ እቲ ዝሓሸ ኣገባብ ኣቀላልሳ ዋላ ብዝተሓተ ነጥበ-ስምምዕ ተመሓዝዮም ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ኣብ ምልጋስ ዘተኮረ ቃልሲ ከካይዱ ምሕጋዝን ኣወንታዊ ተጽዕኖ ከነካይድን'ውን ኣገዳሲ እዩ።

ምኽንያቱ  ከም ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታት መጠን፡ ሓቀኛን ውሕስነት ዘለዎን፡ ሓድነትን ምሕዝነትን ክረጋገጽ ኣብ ምግባር ግቡእናን ተራናን ክንጻወት እንተዳኣ ዘይበቒዕና ህዝባዊ ቃልስና፡ ንሓድነትን ምሕዝነትን ተኣማሚኑን ተደጋጊፉን ዝቃለስ ሓደ ድልዱል ሃገራዊ /ህዝባዊ/ ሓይሊ ምውናን ተሳኢንዎ፡ ካብዚ ሕጂ ዘሕልፎ ዘሎ ጽጉም ኩነታት ብዝኸፍኤ ክቕጽል ስለ ዝግደድ፡ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ድማ፡ ኣረሜናውን ጨካንን ስርዓት ህግደፍ ኣስተርሕዩ /ቀሲኑ/ ክቕንን፡ ወጽዓናን ሕሰማትና' ብዝኸፍኤ ክብደትን ዕምቆትን ክቕጽል እዩ ዝገብር።

ካብ እነሕልፎ ዘለና ኩሉ-መዳያዊ ጭቆናን ሕሰመ-መከራን ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክንናገፍ ክንክእል እምበኣር፣ ሀ.ዝኾነ ፖለቲካዊ ውዱብ /ሰልፊ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ዝውርድ ዘሎ ዝተፈላለየ ጭቆናን በደላትን ዝፈጠሮ ከም ምኳኑ መጠን፡ ነዚ ናይ ውጹዓት ጭቆናን ጸገማትን ኣብ ምፍታሕ ናይቲ ህዝባዊ ቃልሲ መሳርሒ ኮይኑ ዘገልግል ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ምእራሙን ምሕያሉን ዘይተቘጠበን ቀጻልን ናይ ቃልሲ ተሳትፎን ኣስተውጽኦን ክንገብር እዩ ዝህልውና።

ለ.ፖለቲካዊ ውድባት ሰልፍታትን ምንቅስቓሳትን ኣብ መስርሕ ቃልሲ ክሕገዛን ክሕብሓባን ዘለወን እኳ እንተኾነ፡ ከም ናይ ዝተፈላለዩ ውልቀ-ሰባት ጥምረትን ዝተፈላለየ ዝምባሌታት ዝንጸባረቐለንን ትካላት መጠን፡ ከም ዘይጋገያን ብጹኣትን ገቢርካ ምርኣይን ምእማንን፡ ናብ ጌጋታትን ኣምልኾን ዝውጥጥ ስለ ዝኾነ፡ ንውድባትና ብንቕሓት ክንድግፍ፡ ክንወቅስን ክንእርምን፡ ሓፋሽ ውጹዕ ህዝብና ወሳኒ ናይ ቃልሱ ምኳኑ ነፍሰ-ተኣማንነት ብምሕዳር ነቚሑ ክቃለስ ንክበቅዕ ዓቢ ግምት ብምሃብ ክንቃለስ'ዩ ዘለና።

ሐ. ነቲ ኣብ ህዝብታትና ክንጸባረቕ ዝጸንሐን ገና ዝንጸባረቕ ዘሎን "ኩልኹም ደቅና የማናይን ጸጋማይን ዓይንና' ዝብል ካልእ ገጽ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ሕብረተ-ሰብና መሊኡ ዘይተወገደ ዘሎ "ዝበረቐ ጸሓይና ዝነገሰ ንጉስና" ዝብል ጕዳኢ መስፍናዊ ብሂልን ባህልን ዝኾነ ቀያዲ ኣተሓሳስባ፡ ሕጂ'ውን ብዝተፈላለየ መልክዑ ይዝውተር ስለ ዘሎ ሃሳይነቱ ብግቡእ እናገምገምና፡ ንህዝብታትና ካብ ናይ ዝኾነ ይኹን ውድብ /ሰልፊ ተጸባይነትን ኣምልኾን ሓራ ብምኳን ብንቕሓት ክቃለሱ ንክበቕዑ ኣብ ምግባር ክንረባረብ እዩ ዝግባኣና። ምኽንያቱ ሃገራዊ ቃልስና ኣብ ዘረጋገጽናሉ ወቕቲ፡ ህዝብታትና ብልዑል ታሕጓስን ስምዒትን ተደፊኦም ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ሃገራዊ ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ /ኣብቲ ግዜ'ቲ/ ብለዋህ ፍቕርን እምነትን ምስ ተቐበሉዎ፡ ድሒሩ ዝሰዓበን ክሳብ ሕጂ ዘሳቕየና ዘሎን ጭቆና፡ ምዝመዛን መዳየ-ብዙሕ ሕሰመ-መከራታትን ዳግም ከየጋጥመና ትምህርቲ ክንወስደሉን ነቒሕና ክንቃለስን ስለ ዝግባኣና እዩ።

መ.ነቲ ኣብዚ ወቕቲ'ዚ ብዝተፈላለዩ ንለውጢ ኢና እንቃለስ ዝብሉ ወገናት፡ "ውድባት ኣሪገን እየን፡ ኣየዐውታናን እየን፣ ስልጣን ናብ ህዝቢ ይረከብ፣ ናተይ ውድብ፡ ናተይ ዕላማ ከይበልና፡ ብሓድነት ሆ! ኢልና ተላዒልና ንስርዓት ህግደፍ ካብ ስሩ ብምምሓው ኣብ ሃገርና ለውጢ ከነምጽእ ኣለና" ብምባል ዝተነጸረ ዕላማ፡ ውድብን ኣመራርሓን ኣንፈት ናይ ቃልስን ከይሓዙ፡ ዝተፈላለዩ ድሑራት ስምዒታትን ዝንባሌታትን እናተጠቕሙ ብባህግን፡ ፍኑውነትን ሓላፍነት ብዝጐደሎ ናይ ስልጣን ሕልሚ ንምርግጋጽ ክብሉ፡ ኣንጻር ዝተፈላለያ ተቓውምቲ ውድባት እናኣቃለሑ፡ ናይ ህዝቢ ዝመስል ንጥፈታት ዘርእዩ፣ እዚ ተርእዮ'ዚ መሰል ውናታቱ እካ እንተኾነ፡ ነዚ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ዝረኤ ዘሎ ድኽመታትን ጸገማትን ካብ ምግዳድ ሓሊፉ ኣብ ምፍትሑ ስለ ዘይሕግዝ፡ ተኣሪሙ ኣብ ቃልሲ ተርኡ ከበርክት መታን ክበቅዕ፡ ናብ ልዕሊኡ ዝተነጸረ፡ ዕቱብን ሓላፍነታውን ናይ ምምካት፡ ምእራምን ምትብብዑን ቃልሲ ከነካይድ እዩ ዝህልወና። ምኽንያቱ እዚ ሓይሊ'ዚ ተኣሪሙ ኣብ ሃገራዊ ቃልስና እጃሙ ከበርክት መታንክበቅዕ።

<u>ኣብ መደምደምታ፣</u>

ሓፋሽ ህዝብታትና፡ ከምቲ እኽሊ ከይባጽሐ ዓጺድካ ፍረ ክሕፈሶ ዘይካኣል፡ ፖለቲካዊ ስልጣን'ውን፡ ስልጣን ከጨብጥ ዝኽእል ፖለቲካዊ ኩነታት ከይፈጠርካ /ንህግደፍ ከይወገድካ/ ስልጣን ክጭበጥ ስለ ዘይካኣል፡ ካብ ሕሉፍን ህልውን ተሞክሮኦም ክማሃሩን፡ ነዚ ብስም ስምረት /ሓድነት/ ዝብል ምስምሳትን፡ ንስለ ዘይእዋናዊ ፖ/ዊ ስልጣን ናይ ውልቀን ጉጅለን ንምንዳይን ክባሃል፡ ዝረኤ ዘሎ ሓንኳሊ ቃልስና ዝኾነ ፖለቲካዊ ተርእዮ፡ ኣብ ቃልስና ዘብጽሖ ዘሎ ቀጻሊ ዕንቅፋታት ብምግንዛብ፡ ንጉድለታትን ምድንጋራትን ናይ ፖለቲካዊ ውድባትና እናኣለለዩ፡ ነዚ ኣብ ቃልሶም ዝፍጠር ዘሎ ጸገማት ንምፍሕ ብጽንዓትን ንቕሓትን ክቃለሱ እዩ ዝህልዎም እብል።

ተቓወምቲ ውድባት ድማ ብሓፈሻ፡ ህዝባዊ ቃልስና ተወሃሂዱን ተደጋጊፉን ዝቃለስ ድልዱል ሃገራዊ ሓይሊ ብምውናን ናብ ዛዛሚ ዓወት ከይበጽሕ፡ ከቢድ ዋጋ ቃልሲ እናከፈለ ብዘገምታ ክጓዓዝ ካብ ዝገብርዎ /ዘድናጉይዎ/ ዘለዉ ምኽንያታት ሓደን ዝዓበየን፡ ተቓወምቲ ውድባት ብሓፈሻ ኣብ ጉዳይ ሓድነትን ዘይእዋናዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምርካብ ክብሉን ዘርእዮ ዘለዉ ታሪኻዊ ድኽመታት ዝፈጥሮ ዘሎ ጸገማት እዩ። እዚ ተግባራት'ዚ ምስቲ “ህዝብን ሃገርን ካብ ውድቀትን ምብትታንን ብምድሓን ደሞክራስያዊ ለውጢ ከነረጋግጽ ኢና” ዝብል እዋናዊ ሓፈሻዊ ሓባራዊ ሃገራዊ ዕማማትና ዘይቃዶን ዘይምእዘዝን ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ንከይዕወት ሓሊኹ ሒዙዎ ዘሎ ምኳኑ ብግቡእ ክርድኡ ዝግበኦም እዩ። ሓቀኛ ሓድነትን ምሕዝነትን መሰሪትካ ዝተወሃሃደ ሃገራዊ ሓይሊ ከይወነንካን፡ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ቀጻልነቶምን ብምርግጋጽ ከየውሐስካን ክጭበጥ ዝኽእል ፖለቲካዊ  ስልጣን ስለ ዘየሎ፡ ካብዚ ዘሳቕየና ዘሎ ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን ህውተታን ቀያዲ ጸገማትን እዚ ንምንጋፍ ተቓውምቲ ውድባትና ብሓፈሻ እቶም ንሓቀኛ ሓድነትን ምሕዝነትን ብመትከልን ቅኑዕ መርሑን ዝቃለሱ ውድባት ካኣ ብፍላይ፡ ሓላፍነት ህዝብን ሃገርን ተሰሚዕዎም ዓቲቦም ክቃለሱ ኤዛኻኽሮም።

ተጸዋርነት፡ ልቦናን ስኒትን ንተቓወምቲ ሓይልታትና!!

03/03/2016